## ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ዓመት መጽአ ዝገብሮ ናይ ቃለ ምልልስ መደረ

## ንፖለቲካዊ ሃልኪ ደኣምበር ንዕቤት ሃገር ዘገልግል ኣይኮነን።

*መራሒ ስርዓት ህግደፍ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከምቲ ልሙድ ዓመት መጸአ ዝገብሮ ቃለ-መጠይቕ ኣብ'ዚ ዓመትዚ'ውን ንውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት ኣመልኪቱ ብዙሕ ምስ'ቶም ጋዜጠኛታት ዝተዋደደ ጉዳያት ኣልዒሉ መዲሩ'ዩ። ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ መልእኽትና ነቶም ንሱ ኣብ'ዚ ቃለ ምልልስ ዘልዓሎም ጉዳያት ኩሎም ኣልዒልና ክንምልስ ኣይኮናን። ኣብ ቀጻልነትን ዕቤትን ህይወት ደቂ-ሰባት ወሰንቲ ዝኾና ክልተ መሰረታውያን ጉዳያት ማይን መብራህትን ኢና ከነተኩር። እዘን ክልተ መሰረታዊ ጉዳያት፡ ስርዓት ህግደፍ ስልጣን ካብ ዝሕዝ፡ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ዓመት መጽአ ዝለዓላ ግን ከኣ ክሳብ ሕጂ ፍታሕ ዘይተረኽበለን'የን።*

*ወዲ-ሰብ ከም ሓደ ፍጡር መጠን ህይወቱ ከዕንግልን ምዕባለኡ ከሰጉምን ብቐዳምነት ካብ ዘድልዮ ነገራት ማይን መብራህትን'የን። ሓደ ፍጡር ብህይወት ክነብር እንተደኣ ኮይኑ ማይ ክረክብ ኣለዎ። ናይ መግቢ ጠለባት ክምልስ እንተደኣ ኮይኑ'ውን፡ ካብ ማይ ምርካብ ወጻኢ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ካብ ማይ ዘይፍለ ነቲ ሓሪሱ ይኹን ማእሪሩ ዝረኽቦ ፍርያት ኣብሲሉ ዝበልዓሉ ጸዓት ወይ ነዳዲ'ውን ክረክብ ኣለዎ። ኣብ ዝሓለፉ መዋእላት ጸዓት ናይ ምርካብ ጉዳይ ዕንጸይቲ ኣሪኻ ይኹን ከሰል እናኾንትካ ዕለታዊ ህይወትካ ናይ ምምራሕ ዕድላት ስፍሕ ዝበል'ዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ሕጂ በጺሕናዮ ዘለና መዋእል ግን ኩነታት ተቐይሩ'ዩ። ኣግራብ እናብረስካን ናብ ምድረ በደ እናቐየርካን ህይወት ምምራሕ ዘይኮነስ፡ ህይወት ክቕጽል ዝገብር ዝነጠበት ማይ ብምዕቃብን ቀረብ ጸዓት ብምምንጫውን'ዩ ክምለስ ዘለዎ። ከምኡ ንምግባር ከኣ ብቅዋም ዝግዛእ ሓላፍነታዊ መንግስቲ፣ ዝተጸንዐ ፖሊሲ፣ ተስፋ-ትፎ ህዝቢ፣ እኹል ባጀት፣ ፍልጠትን መሳለጥያን ምቕራብ የድሊ።*

*ካብ'ዚ ወጻኢ ግን ወዲ-ሰብ በቲ ኣብ ሕሉፍ መዋእል ዝጥቀመሉ ዝነበረ ኣገባብ ምቕጻል፡ ቅልጡፍ ክሌማዊ ለውጢ ብምምጻእ፡ ደርቅን ካልኦት ምስኡ ዝተተሓሓዙ ዝተፈላለዩ ኣዕነውቲ ሓደጋታት ዝኸሰትሉ ኩነታት ከም ዝፈጥር ብስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕትን ብተግባርን ኣብ ዝተረጋገጸሉ ታሪኻዊ መዋእል ስለ ዝርከብ ብኩለንተንኡ ከምዘየዋጽእ ዝተረጋገጸ ጉዳይ'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ'ዚ ዘለናዮ መዋእል ነዚ ኣብ ግምት ብዘይእተወ ማይን መበራህትን ካብ ዕለታዊ ናብራ ደቂ-ሰባት ምጥቃም ሓሊፉ፡ ኣብ ምስሳን ቁጠባ ልሉይ ተራ ዝጻወት ናእሽቱን ዓበይቲ ፋብሪካታትን ኢንዳስትሪታትን ክህሉን ክቕጽልን እንተደኣ ኮይኑ፡ ጠለብ ማይን መበራህትን ብምልኣት ካብ ምምላስ ወጻኢ ኣይሕሰብን።*

*ዝኾነ ንህዝቢ ዝሓሊ ስርዓት መጀመርያ ናብ ስልጣን ክመጽእ እንከሎ፡ ቀዳምነት ሂቡ ክምልሶ ካብ ዘለዎ ማሕበራዊ ቀረባት፡ ኣብ ህይወት'ቲ ይመርሐካ ኣለኹ ዝብሎ ሕብረተ-ሰብ ወሰንቲ ዝኾና ጸገማት ማይን መብራህትን ምፍታሕ'ዩ። ነዘን ክልተ መሰረታዊ ነገራት ከይመለሰ፡ ካልእ መደባት ክሰርዕን ክምልስ ኣይክእልን። ጠለብ ማይን መብራሕትን ምስ መለሰ'ዩ፡ ምዕባለ ሃገር ብዘይዕንቅፋት ንቕድሚት ክግስግስ ዝገብር ቅኑዕ ናይ ቁጠባዊ ፖሊሲ ስትራተጂ ሓንጺጹ ኣብ ተግባር ዝነጥፍ።*

*ስርዓት ህግደፍ ግን ንህዝቢ ኤርትራ ልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣብ ዝገዝኣሉ ብልሽው ምሕደራኡ ኣሸንካይዶ ዓበይቲ ፋብሪካታትን ኢንዳስትሪታትን ዘንቀሳቕስ ናይ ማይን መብራህትን ጠለባት ክምልስስ፡ እቲ ሕብረተ-ሰብ ዕለታዊ መነባብሮኡ ዝመርሓሉ፡ ጽሩይ ማይ ዝሰትየሉን መግቢ ዘብስለሉ ጸዓት'ውን ከቕርበሉ ኣይከኣለን። ስለዚ ከኣ'ዩ ዝበዝሐ ግዜኡ ማይ ክረክብ ብሪጋ ተሰሪዑ ኣብ ሃለኸለኽ ከሕልፎን፡ መብራህቲ ብዘይምርካቡ እተን ኣለዋ ዝበሃለ ዓበይቲ ከተማታት ከይተረፈ ንዓመታት ኣብ ጸልማት ክነብራ ተፈሪደን ዘለዋ። እቲ ሓቂ ከም'ዚ እናሃለወ፡ መራሒ ስርዓት ህግደፍ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብዘን መሰረታውያን ጉዳያት እዚኣተን ኣመልኪቱ ንዝቐረበሉ ሕቶ ዝሃቦ መልሲ፡ ካብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት*

ዘይፍለ  ወጮ እንተገልበጥካዮ ወጮ ከም ዝበሃል፡ ከም ዘለዎ ዝደግም " ናይ ማይ ጉዳይ ብዘይ ጸዓት ስለዘይሰልጥ፡ እቲ ኣብ ባጽዕ ተተኺሉ ዘሎ ዓቢ ጀነሬተር ኣብ ምጽጋኑን ምንቅስቓሱን ቀልጢፉ ይሰልጥ ዘይምህላው'ዩ" ብዝብል ክምልስ ሰሚዕና። እዚ ሕቶታት'ዚ ንኽንደይ ዓመታት'ዩ ግቡእ መልሲ ከይረኸበ ብኸም'ዚ ክቕጽል ዝብል ደፋር ሓታታይ ስለ ዘይረኸበ ድማ፡ እቲ ሕብረተ-ሰብ ካብ ነጻ ተመክሮኡ ነቲ ዝተዋህበ መልሲ፡  ቁም-ነገር ዘይብሉ፡ ንዕቤት ሃገር ዘየገልግል፡ ተራ ምትላልን ኣሽካዕላልን ንፖለቲካዊ ሃልኪ ዝተባህለ፡ ሕሱር፡ ዝነደየ መደረ፡ እናበለ ካብ ጽባሕ እቲ ቃለ-መጠይቕ ዝተገበረሉ ኣትሒዙ ክዛረበሉ ዝስማዕ ዘሎ።

ስለዚ ስርዓት ህግደፍ "ከም'ቲ ሰይጣንሲ ንኣመሉ መጽሓፍ ቅዱስ ይጠቅስ" ዝበሃል ዓመት መጽአ ጻድቕ ክመስል ከም'ዚ ዝኣመሰለ ናይ ሓሶት መደረ ብምቕራብ፡ ብዙሕ ዘይኮኖ ክመስል እንተፈተነ ውጽኢቱ ኣብ ተግባር ዘይረአ'ዩ።  ናይ'ዚ ዝነደየ ፖለቲካዊ መግለጺ'ዚ ሓደ ኣብነት፡- ብዛዕባ ማይ ብዝምልከት ኣብ ብዙሕ ቦታት ሓጽብታት ከም ዝተሰርሐ፡ ኣብኡ ብዘዕቆርናዮ ማይ  ቀጻሊ ምዕባለ ከነረጋግጽ ኢና ኢሉ ምምዳሩን፡ መሊሱ፡ ተሰሪሑ ደኣምበር ብተግባር ሕርሻ ኣብ ምልማዕ ከምሰይተሰጋገረ ብንጹር ምቕማጡ'ዩ። እዚ ዘመላኽቶ ጉዳይ እንተሃለወ ድማ፡ ናይ'ታ ሃገር ቁጠባዊ ዕቤት፡ ብትልምን መጽናዕትን ዘይምራሕ ምኳኑ፡ ውጽኢቱ'ኸ እቲ ተሰሪሑ ኢሉ ዝገለጾ ሓጽብታት ንግዜኡ ካብ ንመስተ ማይ እንስሳ ዘቤት ዝሀቦ ኣገልግሎት ሓሊፉ ንመስኖኣዊ ሕርሻ ኣበርክቶ ከም ዘይብሉን ኣብ'ቲ ናይ ፖለቲካዊ ሃልኪ መደረኡ ከም ጸሓይ ቀትሪ ኣጕሊሁ ዘርኣዮ።

እዘን ክልተ ኣብ ህይወት ደቂ-ሰባት መኣዝን ወይ እምነ ኩርናዕ ናይ ህላወ፡ ቀጻልነትን ዕቤየትን ዝውስና ዓንድታት እዚኣተን ከም ኣብነት ጠቒስና ደኣምበር፡ ህዝቢ ክረኽቦ ዝነበሮም ብሰንኪ ጸረ-ህዝቢ ባህርን ገባቲ ፖሊስን እቲ ስርዓት ዘይረኸቦስ ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ። ኣብ'ዘን ክልተ መሰረታዊ ጉዳያት እዚኣተን ብፍላይ ክነጥፍ፡ ኣብቲ ካልእ ከኣ ዘይነጥፍ ገይርካ ፈላሊኻ ዝረአ ኣይኮነን። "ላም ፍርቂ ጎና ኣይትሰብሕን" ከም ዝበሃል እቲ ኣብ ኤርትራ ብሰንኪ'ዚ ስርዓት'ዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ቁጠባዊ ዕንወት ሓደ ክልተ ኢልካ ዝቁጸር ዘይኮነስ ኩለ-መዳያዊ'ዩ።

ብመሰረቱ'ውን እንተኾነ ቁጠባዊ ሓርነት ካብ ፖለቲካዊ ሓርነት ተነጺሉ ዝረአ ኣይኮነን። ክልቲኡ ዘንተመጎታዊ ምትእስሳር ዘለዎ ሓደ ብዘይካ'ቲ ካልእ ዘይሰርሕን ዘይዕወትን'ዩ። እዚ ጉጅለ ኣብ ፖለቲካዊ ይኹን ኣብ ቁጠባ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ዘይኮነስ፡ ንጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታቱን ረብሓ ዓሰብቱን ክብል፡ ክሳብ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ'ዩ ዝሸይጥ ዘሎ። ብዋጋ ምብታን ህዝብን ሃገርን  ዝነብር ዘሎ ስርዓት'ዩ። ስለዚ ከኣ፡ ወጢና ነይርና፡ መዲብና ነይርና፡ ክኸውን ነይርዎ፡ መደብ ተታሒዝሉ ኣሎ እናበለ እንተመደረ  ንፖለቲካዊ ሃልኪ ደኣምበር ንህዝቢ ዘገልግል ቁም-ነገር ከምጽእ ኢልካ ዝሓሰብ ኣይኮነን።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 10-02-2017